

# *ዕስራን ኣርባዕተን ጉንቦት፡*

*ዕስራን ኣርባዕተን ግንቦት ታሪኻዊት ዕለት፡*
*ዝበተኸት መቑሕ መግዛእታዊ ሰንሰለት፡*
*ጀጋኑ ወሲዳት ዘድሓት ናይ ብዙሓት ሂወት።*

*ፍቕርኺ ጽኑዕ ሰፊሩ ናብ ደምና፡*
*ማዕረ ገርክና ምስ ህዝቢ ዓለምና፡*
*ኣፍልብና ገቲረና ንብል ኤርትራ ሃገርና።*

*ጉዕዞኺ ነዊሕ ኔሩ ሰላሳ ዓመታት፡*
*ዝወሰደ ብዙሓት ብሉጻት ሰማእታት፡*
*ዝኽሮም ኣብ ልብና ዝነብር ንዘንተ እለታት።*

*ደሃይ መዳፍዕ ተተኪኡ ብእምብልታ ኮቦሮ፡*
*ሰብ ዊሒዙ ናብ ጎደናታት ከካብ ዝነበሮ፡*
*ሕጂ ትዝ ይብለኒ ናይ ሽዑ ተዘክሮ።*

*ትዝ ይብለኒ ሽዑ ዝነበረ ኩሉ፡*
*ቆልዑ ክዘሉ ላዕልን ታሕትን ክብሉ፡*
*ኤረየ ኤረና፡ ኢሎም ክዝምሩ።*

*ህዱእ ንፋስ ብኹሉ መኣዝን ነፊሱ፡*
*ንብዓት ሕሰም ብንብዓት ሓጎስ ተደቢሱ፡*
*ኣብ መላእ ኤርትራ ሰላም ነጊሱ።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*